# COVID-19

# መምርሒታት ንኣብ ገዛኻ ኮንካ ዝግበር ቅልጡፍ ናይ ኣንቲጅን መርመራ

BC Centre for Disease Control
Provincial Health Services Authority

ኤስዲ ባዮሰንሰር ራፒድ ሪስፖንስ®

## ቅድሚ ምጅማርካ

- ነዚ ናይ መርመራ መሳርሒታት ኣብ ምቹእ/ማእከላይ ወይ ኣብ ሞንጎ 2ºሰግ - 30ºሰግ ዝኸውን ዓቐን ናይ ሙቐት ኣብ ዘለዎ ቦታ ዓቅቦ ( ኣብ ፍሪዘር ኣይትግበሮ፡ ካብ ናይ ቀጥታ ናይ ጸሓይ ብርሃን  እለዮ፡ ኣብ መኪና ኣይትግደፎ)።
- እንተ ፈሰሰካ ብቐሊሉ ከተጽርዮ ዘኽእለካ ጽሩይን ሰጥ ዝበለን (ካብ ዝብላዕን ዝስተን ጋሕመጥን ነጻ ዝኾነ) ቦታ ርኸብ ።
- ኣብ ግዜ መርመራ ኣይትብላዕ፡ ኣይትስተ፡ ኣይተትክኽ፡ ቬፕ ኣይትግበር፡ ኮንታክት ሌንስ ኣይትግበር፡ ሜክኣፕ ኣይትግበር ወይ ገጽካ ኣይትተንክፍ።
- እዚ መርመራ እዚ ንናይ ገዛእ ርእሰኻ ዝግበር መርመራ ንኽውዕል እዩ ተዳልዩ። ንትሕቲ 5 ዝዕድሚኦም ቆልዑ ኣይእዘዝን/ኣይግባእን እዩ።
- ኣብዘን ዝሓለፋ 24 ሰዓታት ናይ ኣፍንጫ መድመይቲ እንተ ኔሩካ ነዚ መርመራ እዚ ኣይትጠቐመሉ።

## ምንጭታት

ንዝያዳ ሓበሬታ ናይ ቅልጡፍ መርመራ ንምርካብ፡ ትርጉማት ናይዚ መምርሒን እቲ መርመራ ዝግበረሉ ኣገባብ ዝሕብሩ ቪድዮታትን ንምርካብ ነዚ ኪው ኣር ኮድ ወይ ነዚ ሊንክ ክትጥቀሙ ትኽእሉ ኢኹም: **bccdc.ca/covid19rapidtesting**

- 繁體中文
- 简体中文
- ਪੰਜਾਬੀ
- Việt Ngữ
- español
- ትግርኛ
- Français
- 한국어
- عربي
- فارسی
- 

## ናይ መርመራኻ ልክዕነት ምርዳእ

ቅልጡፍ ናይ ኣንቲጅን መርመራታት ነቲ ኣንትጅን (ፕሮቲን) ናይቶም ኮቪድ-19 ዘስዕቡ ቫይረሳት እዮም ዘላልይዎ/ዝረኽብዎ። በቲ መመርመሪ ንኽርከብ/ክፍለጥ ዘኽእሎ እኹል ዓቐን ናይቲ ቫይረስ ንኽህልዉኻ ብድሕሪ ምልካፍካ **ካብ 3 ክሳብ 7 መዓልትታት** ክወስድ ይኽእል እዩ። ኮቪድ-19 ዝሓመመ ሰብ ካብቲ ዝተለኸፈሉ ግዜ ኣዝዩ ቀልጢፉ መረምራ እንተ ጌሩ፡ እቲ ናይ መርመራ ውጽኢት ከም ነጋቲቭ (ኣሉታ) ከርኢ ይኽእል እዩ። እዚ ናይ ሓሶት ነጋቲቭ እዩ ዝበሃል።

ቅልጡፍ ናይ ኣንቲጅን መርመራ ናይ ሓንቲ ውስንቲ ህሞት (ግዜ) ውጽኢት ጥራሕ እዩ ዝህበካ። ነጋቲቭ  ውጽኢት ስለ ዝረኸበ ሓደ ሰብ ንኻልኦት ከም ዘይሕልፈሎም ርግጸኛታት ኣይገብረናን እዩ።  ኣብዚ ሓጺር ግዜ ንኮቪድ-19 ተቓሊዕካ እንተ ኔርካ፡ ሓንሳብ እቲ ብዝሒ ናይቶም ኣብ ኣካላትካ ዘለዉ ኣንቲጅን ብመርመራ ክርከቡ ኣብ ዝከኣለሉ ዓቐን ምስ በጽሑ ፖዝቲቭ ውጽኢት ክህልወካ ይኽእል እዩ።

## መምርሒታት

**1** ፊጥ ብምባል ኣፍንጫኻ ኣጽሪ'ሞ ነቲ ሶፍቲ ጎሓፎ። ኣእዳውካ ብሳምና ተሓጸብ።





**2** ናይ መርመራ ናውቲ ኣክቦ

- ኤስዲ ባዮሰንሰር ናይ መርመራ መሳርሒ:
  - 1x ናይ መርመራ መሳርሒ
  - 1x ዝመኽነ ስዋብ
  - 1x መመርመሪ ትቦ (ፈሳሲ ሒዙ ዝተዓሸገ)
  - 1x መኽደን ናይ መርመራ ትቦ
  - 1x መቐመጢ ናይ መርመራ ትቦ (ዝተዋህበ እንተኾይኑ)

- መቑጸሪ ሰዓት (ታይመር)
- መትሓዚ ጎሓፍ
- ንእሽተይ ብኬሪ ወይ ኩባያ (ከም ምርጫኻ)

ኤስዲ ባዮሰንሰር ናይ መርመራ ናውቲ ከረጺት፡






# COVID-19


BC Centre for Disease Control
Provincial Health Services Authority

## መምርሒታት ንኣብ ገዛኻ ኮንካ ዝግበር ቅልጡፍ ናይ ኣንቲጅን መርመራ


ኤስዲ ባዮሰንሰር ራፒድ ሪስፖንስ®

---

**3** ካብቲ መመርመሪ ትቦ ነቲ መኸደኒ ፎልዮ ቀሊጥካ እለዮ



**4** ነቲ ዝመልአ ናይ መርመራ ትቦ ኣብቲ ዝተዳለወ መቐመጢ ናይ መርመራ ትቦ ወይ ኣብ ጽሩይ ብኬሪ ወይ ኩባያ ኣቐምጦ።





---

**5** ካብ ኣፍንጫኻ እቲ መርኣዩ/ሳምፕል ውሰድ:

1. ነቲ ስዋብ ካብቲ መሸፈኒኡ ኣውጽኣዮ በቲ መትሓዚኡ ጎማ ጥራሕ ተንክፎ።
2. ርእስኻ ንድሕሪት ኣቕንን ኣብሎ።.
3. ነቲ ጡጥ ዘለዎ ጫፍ ናይቲ ስዋብ ኣብ ሓንቲኤን ከፋት ናይ ኣፍንጫኻ ትኽ ኣቢልካ ንድሕሪት (ንላዕሊ ዘይኮነ) ን2.5ሰሜ (1 ኢንች) ኣእትዎ። ካብኡ ንኔው ክተእትዎ ኣብ ዘይትኽለሉ ምስ በጻሕካ ደው ኣብል። እዚ ከቕንዝወካ የብሉን።
4. ሳምፕል ዝኸውን ናይ ኣፍንጫ ፈሳሲ ንኽትወስድ ነቲ ስዋብ ኣብ ውሽጢ  ኣፍንጫኻ ኣእቲኻ ንጎኒ ኣጸግዓዮ። ኣፍኩስ ኣቢልካ 4 ሳዕ ቀስ ጌርካ ኣኹልሎ/ኣዙሮ።
5. በቲ ስዋብ እቲ ጌርካ ኣብታ ሓንቲ ከፋት ኣፍንጫኻ ደጊምካ ከምኡ ግበር።


እቲ ስዋብ ደም እንተ ተጸይቑ ንመረመራ ኣይትጠቐመሉ። ፊጥ ድሕሪ ምባልካ ሓድሽ ስዋብ ተጠቐም። ናይ ኣፍንጫ መድመይቲ እንተ ኔሩካ መርመራ ቅድሚ ምግባርካ ን24 ሰዓታት ተጸበ።









---

**6** ነቲ ጡጥ ዘለዎ ጫፍ ናይቲ ስዋብ ኣብቲ ናይ መርመራ ትቦ ኣፍኩስ ኣቢልካ ኣእትዎ:





1. ነቲ ስዋብ ብህድኣት ቀስ ኢልካ ኣብቲ ፈሳሲ 10 ሳዕ ኣኹልሎ።
2. ነቲ መመርመሪ ትቦ በጻብዕካ እንዳ ጸቐጥካ ነቲ ዝተረፈ ፈሳሲ ካብቲ ጫፍ ናይቲ ስዋብ እንዳ ኣውጻእካ ነቲ ስዋብ ኣውጽኣዮ። ነቲ ስዋብ  ኣብ ጎሓፍ ኣእትዎ።
3. ነቲ መኸደን ኣጽኒዕካ ናብቲ ናይ መርመራ ትቦ ብምድፋእ ብግቡእ ክደኖ።


# COVID-19

## መምርሒታት ንኣብ ገዛኻ ኮንካ ዝግበር ቅልጡፍ ናይ ኣንቲጅን መርመራ

ኤስዲ ባዮሰንሰር ራፒድ ሪስፖንስ®


BC Centre for Disease Control
Provincial Health Services Authority

**7** ነቲ ናይ መርመራ መሰርሒ ከፊትካ ኣብ ሓደ ሰጥ ዝበለ (ከም ጣውላ ዓይነት) ቦታ ኣቐምጦ።





**8** ነቲ ናይ መርመራ ትቦ እቲ መኸደኒኡ ንታሕቲ ገጹ ከም ዝጥምት ብምግባር ልክዕ ኣብ ልዕሊ እቲ ናይ መርመራ መሰርሒ ጌርካ ሓዞ። ናብታ ከባብ ናይታ ናይ መርመራ መሰርሒት **4 ንጣባት** ቀስ ጌርካ ብምጽቃጥ ኣንጥበሉ።


ነቲ ናይ መርመራ ትቦ ናብታ ክቢ ኣይተተንክፎ።





**9** ሰዓትካ ን15 ደቓይቕ ድሕሪ ምምላእ ውጽኢትካ ረኣዮ። ኣብዚ ግዜዚ (እንዳ ተጸበኻ ከለኻ) ነቲ ናይ መርመራ መሰርሒ ኣይተንቀሳቕሶ። ድሕሪ 30 ደቓይቕ ዘሎ ናይ ውጽኢት ንባባት ልክዕ ከይከውን ይኽእል እዩ።.



**10** ኩሉ ዝተመርመርካሉ ናውቲ ናብ ጎሓፍ ኣእትዎ።




**11** ኣእዳውካ ተሓጸብ።



---


## ውጽኢትካ ብኸመይ ከም ተንብቦ

ኣየነይቲ መስመር እያ ኣቐዲማ ተራእያ ወይ እተን መስመራት ክሳብ ክንደይ ሃሲሰን ይረኣያ ኣለዋ ኣገዳሲ ኣይኮነን።

**ውጽኢትካ ፖዝቲቭ ይኹን ነጋቲቭ ብዘየገድስ ሕክምና ዘድልየካ ኮይኑ እንተ ተሰሚዑካ ናይ ሕክምና ረድኤት ሕተት።**

### ኣሉታ/ነጋቲቭ ውጽኢት

እታ መቆጻጸሪት (C) ኣብ ትብል ፊደል ዘላ መስመር ጥራሕ እያ ትቕልቀል/ትርአ





*ውጽኢትካ ኣሉታ/ነጋቲቭ እንተ ኾይኑ ኮቪድ-19 ኣይተራእየን ማለት እዩ። ኮቪድ-19 ክህልወካ ግን ጌና ተኽእሎ ኣሎ።*

*ምልክታት ናይ ሕማምካ ተመሓይሹ ደሓን ተሰሚዑካ ናብ ንቡር ንጥፈታትካ ክሳብ ትምለስ ርእሰ ግለላ ግበር። ብህዝባዊ ጥዕና ርእሰ ግለላ ንኽትገብር ተሓቢርካ እንተ ኮንካ፡ ነጋቲቭ ናይ መርመራ ውጽኢት እውን እንተልዩካ ርእሰ-ግለላ ምግባርካ ቀጽል።*

### ኣዎንታ/ፖዝቲቭ ውጽኢት

*ክልቲኤን እታ (C) ኣብ ትብል ፊደል ዘላ መቆጻጸሪት መስመርን እታ (T) ኣብ ትብል ናይ መርመራ መስመርን ይቕልቀላ/ ይረኣያ*





ኣዎንታ/ፖዝቲቭ ውጽኢት ማለት ኮቪድ-19 ዘለካ እዩ ዝመስል ማለት እዩ፡ ንኻልኦት እውን ከተሕልፈሎም ትኽእል ኢኻ።

ካብ ናይ መድሃኒት ሓገዝ ክትጥቀም ትኽእል ከይትኸውን ኣብዚ **gov.bc.ca/covidtreatments** ዝብል ሊንክ ተወከስ ወይ ናብዚ ቁጽሪ **1-888-268-4319** ደውል

*ርእሰ- ግለላ ክትገብር ከድልየካ እዩ። ብዛዕባ ዝቕጽል ስጉምትታታ ዝያዳ ሓበሬታ ንምርካብ ኣብዚ ሊንክ እዚ* **bccdc.ca/ifyouhavecovid** *ርአ።*

### ዘይብቑዕ ውጽኢት

እታ መቆጻጸሪት (C) ኣብ ትብል ፊደል ዘላ መስመር ኣይተራእየትን




*ናይ መርመራ ውጽኢትካ ዘይብቑዕ እንተኾይኑ፡ ኩሉ እቲ ነዚ ቀዳማይ መርመራ ዝተጠቀምካሉ ናውቲ ጎሓፎ። ኣእዳውካ ድሕሪ ምሕጻብካ ነቲ ካልኣይ ቅያር ናውቲ ተጠቂምካ ነቲ መስርሕ ድገሞ። ነቲ ናይ መርመራ መምርሒ ደጊምካ ሰዓቦ።*

*ክልተ ግዜ ዘይብቑዕ ናይ መርመራ ውጽኢት እንተ ረኺብካ፡ ኣብ ናይ ኮቪድ-19 መመርመሪ ማእከል ብምኻድ ተመርመር። ናይ መርመራ ማእከል/ቦታ ንምርካብ ኣብዚ ሊንክ ርአ:* **healthlinkbc.ca/covid19test**